# ፈተና ብቕዓት

*«ኣነ ከምዚ ዝተሓብኤ ዓሌታዊ ምድላው ዘሎ መሲሉ እዩ ዝስምዓኒ። እዚ ቛንቋ ኣይክእልን እዩ ወይ ድማ ኣዘራርብኡ ከም ገለ እዩ፣ ስለዚ ብኡ ንብኡ እዚ ሰብ ክሓስብ ኣይክእልን እዩ፣ ኢሎም ብዙሓት ሰባት ይኣምኑ።»* ***ራሻድ ካናዋቲ፣*** *ሶርያ*

«ነቲ ቋንቋ ክትክእሎ ኣለካ፣ ካልእ ዝሕግዝ ነገር የለን። ህያብ ዝህበካ የለን። ክትመሃሮ ግን ትኽእል ኢኻ። ብዙሕ ምንባብን ምስ ካልኦት ሰባት ድማ ምዝራብን።» ***ፕሪቲ ካናዋቲ፣*** *ህንዲ*

## ቋንቋ - ንፈተና ብቕዓት መፍትሕ

ፈተና ብቕዓት ንኹሉ ማዕረ እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ቤት ትምህርቲ ዝተማህረ ይኹን ወላ ኣብዚ ዓዲ ቅድሚ 2፣ 3 ዓመት መጺኡ ዝነብር፣ ፍልልይ የብሉን።

ነቲ ናይ ብቕዓት ፈተና፣ ቋንቋ ጽቡቕ ጌርካ ምምላኽ የድሊ እዩ። ንኹለን ዓውደ ትምህርታት ፍልጠት ቋንቋ የድልየኩም እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ፣ ክትመልሱወን እንተ ደሊኹም፣ ነተን ሕቶታት ኣቓዲምኩም ክትርድእወን ኣለኩም።

### ንምሳለ፡

### ሕጊ ምምዝዛን

2 ተባዕትዮ ኣታኽልተኛታትን 1 ኣንስተይቲ ኣታኽልተኛን፣ ንሓደ ሜዳ ክፈናቕሉ 4 መዓልታት ይሰርሑ፣ ዕጽፊ ናይዚኦም ሰራሕተኛታት ነቲ መሬት እንተ ፈናቐሉ ክንደይ ጊዜ ይወስደሎም?

መልሲ፡ 2 ክልተ መዓልቲ


### መሰረታዊ ሒሳብ

ሶንያን ላሪሳን ናይ ባንክ ኣካውንተን የወዳድራ። ናይ ሶንያ መጠን ገንዘብ ብ 1‘394 ፍራንክን ካብ ናይ ላሪሳ ይውሕድ። ላሪሳ 9‘341 ፍራንክን ትውንን። ሶንያ ኣብ ባንክ ክንደይ ገንዘብ ኣለዋ?

መልሲ፡ 7‘947 ፍራንክን

### መሰረታዊ ሒሳብን ሎጂክን

ብባቡር ጌርኩም ካብ ሀ (ቀይሕ ነጥቢ) ናብ ለ (ሰማያዊ ኘጥቢ) ትጉዓዙ። ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ መገዲ ካብ ካብ ሓደ መጸበዩ ክሳብ እቲ ዝቕጽል - ካብ ሓደ ነጥቢ ናብቲ ዝቕጽል - 1 ፍራንክን 80 ትኸፍሉ። ነየነይቲ መገዲ ትመርጹ ነቲ ቲኬትኩምከ ክንደይ ትኸፍሉ?



መልሲ፡ እቲ ዝቐልጠፈ መገዲ እቲ 2 ክፍሊ መገዲ ዘለዎ እዩ። ነቲ ቲኬት ድማ 3 ፍራንክን 60 እዩ ዝኸፈል።

## ዝተጸናበረ ቁጽሪታት

ነተን ናይ መጀመርታ ጎደሎ ካልኤይቲ ከኣ ሙሉእ ዘለወን ቁጽርታት ምልክት ግበሩለን።

| | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | 32 | 23 | 44 | 51 | 62 | 74 | 80 | 15 | 92 | 14 | 27 | 18 |
| መልሲ: | 32 | 23 | 44 | 51 | 62 | 74 | 80 | 15 | 92 | 14 | 27 | 18 |

*ካልኦት ሕቶታት ኣብ www.sixpack-comic.ch/testncheck ትረኽቡ።*

## ቋንቋ

ነተን ሕቶታት ክትመልሱወን ምእንቲ፣ ነቲ ቋንቋ ክትርድእዎ ኣለኩም። ካብኡ ዝብትርዕ ከኣ ናይ ቋንቋ ሕቶ ክኸውን ከሎ እዩ። ኣብዚ ነቲ ቋንቋ ክንዲ ምንታይ ከም ትርድእዎ ጥራሕ ኣይኮነን ዝምዘን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ቋንቋ ክንዲ ምንታይ ትጥቀምዎ እውን ይምዘን እዩ።

### ኣወራርዳን ኣረባብሓን

ኣብቲ ባዶ ቦታ ትኽክለኛ ቃል ኣእትዉ.

ንሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ________________ እንተ ደሊኹም፣ ___________ ሰነድ መመልከቲ ክህልወኩም ኣለዎ። ናይዚ ሰነድ መመልከቲ ________________፥ ጽሑፍ መመልከቲ፣ ዝርዝር ተሞክሮ፣ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ምስክር ወረቐት፣ ጸብጻብ ናይ ምልላይ ሙያ ከምኡ ድማ ናይ ብቕዓት ፈተና ውጽኢት እዩ። ብዙሓት ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ____________ ክውስና ከለዋ መጀመርታ ዘጻርያ፣ እቲ ሰነድ መመልከቲ __________ ከም ዝኾነ እዩ። ኣገደስቲ ዝኾና ዶኩሜንታት ______________ እንተ ኮይነን፣ እቶም ሓለፍቲ ነቲ ሰነድ መመልከቲ ምስ መልሲ ________________ መሊሶም ይሰዱ - ሕያዎት እንተኾይኖም - ነተን ጎዲለን _____ ዶኩሜንታት ንኽትሰዱ ይሕብሩኹም።

ትኽክለኛ መልሲ ( እዚ ኣብዚ ተመሊኡ ዘሎ ንመላመዲ እዩ/ ብኻልኦት ትርጉም ዝህባ ቃላት እውን ክምላእ ይኽእል እዩ።)

ንሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ክተመልክቱ እንተ ደሊኹም፣ ዝተማልኤ ሰነድ መመልከቲ ክህልወኩም ኣለዎ። ናይዚ ሰነድ መመልከቲ ትሕዝቶ፥ ጽሑፍ መመልከቲ፣ ዝርዝር ተሞክሮ፣ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ምስክር ወረቐት፣ ጸብጻብ ናይ ምልላይ ሙያ ከምኡ ድማ ናይ ብቕዓት ፈተና ውጽኢት እዩ። ብዙሓት ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ትካላት ክውስና ከለዋ መጀመርታ ዘጻርያ፣ እቲ ሰነድ መመልከቲ ሙሉእ ከም ዝኾነ እዩ። ኣገደስቲ ዝኾና ዶኩሜንታት ዝጎደላ እንተ ኮይነን፣ እቶም ሓለፍቲ ነቲ ሰነድ መመልከቲ ምስ መልሲ ምንጻግ መሊሶም ይሰዱ - ሕያዎት እንተኾይኖም - ነተን ጎዲለን ዘለዋ ዶኩሜንታት ንኽትሰዱ ይሕብሩኹም።

### ምስራዕ ዓረፍተ ነገር

ኩለን እዘን ቃላት ኣእቲኹም ሙሉእ ዝኾነ ዓረፍተ ነገር ስርሑ።

ቀልጢፍኩም - ሰነድ መመልከቲ - መጠን - ጎዲለን ዘለዋ - ብኽብረትኩም - ዶኩሜንታት - ኣብ - ስደዱልና - ብዝተኻእለኩም - ስደዱልና - ነተን

መልሲ: ብኽብረትኩም ነተን ኣብ ሰነድ መመልከቲ ጎዲለን ዘለዋ ዶኩሜንታት ብዝተኻእለኩም መጠን ቀልጢፍኩም ስደዱልና። .

ዓመታት ትምህርቲ - ጎዲለን - እንታይ - ሰለስተ - ዝሓለፉ - ስለዘለዋ - ናይ - ይሕሸኒ - ምስክር ወረቐት – እተን – ገበርኩ?

መልሲ: ናይ እተን ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ጎዲለን ስለዘለዋ፣ እንታይ እንተ ገበርኩ ይሕሸኒ?

ንምንታይ - ዘይገበርኩም - ግለጹ - ምልላይ ሙያ - ከም - ጽሑፍ መመልከቲ - ኣብቲ - ክሳብ ሕጂ - እስኹም !

መልሲ: ኣብቲ ጽሑፍ መመልከቲ፣ ንምንታይ እስኹም ክሳብ ሕጂ ምልላይ ሙያ ከም ዘይገበርኩም ግለጹ !

## ኣብዘን መስመራት ምስ እተን ዝተረፉ ዘይትሰማምዓ ኣየኖት ቃላት እየን?

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| መስመር 1: | ምጉያይ | ምኽያድ | ምንፋር | ዙረት | ምምራሽ |
| መስመር 2: | ዛን | ሮዛ | ኣልጉስ | ኮርችያ | ቀይሕ ጽሕዲ |
| መስመር 3: | ዝተደናገረ | ሕያዋይ | ጥዑም | ፍቁር | ማራኺ |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| መስመር 1: | ምጉያይ | ምኽያድ | ምንፋር | ዙረት | ምምራሽ |
| መስመር 2: | ዛን | ሮዛ | ኣልጉስ | ኮርችያ | ቀይሕ ጽሕዲ |
| መስመር 3: | ዝተደናገረ | ሕያዋይ | ጥዑም | ፍቁር | ማራኺ |

## ጽሑፍ ምርዳእ

ሚሪያም ቅሳነት ስኢና ኣላ። ቅድሚ ቁሩብ መዓልታት ሰነድ መመልከቲ ክትሰድድ ከላ ብዙሕ ተስፋ ጌራ ኔራ። እዚ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ትምነዮ እዩ። ነዚ ሙያ ድማ ኣጸቢቓ ብቕዕቲ ከም ዝኾነት ትፈልጥ እያ። ብዙሕ ድማ እያ ጽዒራ፣ ነዊሕ እዋን መጽናዕቲ ጌራ፣ ብዛዕባ እዚ ትካል ድማ ብዙሕ ነገር እያ ረኺባ። ነተን ዶኩሜንታታ ኩለን ስካን ጌራ ብሙሉኡ ብመገዲ ኤለክትሮኒክ እያ ናብ እቲ ትካል ሰዲዳ። ሕጂ ከኣ ከምዚ! እዚ ሓጺር ዝኾነ መልሲ ጥራህ ብኢ-ሜል መጺኡዋ: «ብዙሕ መመልከቲ በጽዩና ስለዘሎ፣ ብኽብረትክን ቁሩብ ትዕግስቲ ንኽትገብራ ንምሕጸነክን።»

- ☐ ንሚርያም መንጸግቲ መጽይዋ።
- ☐ ንምርያም ብዙሓት መወዳድርቲ ኣለዋ።
- ☐ ሚሪያም ነቲ ቦታ ትምህርቲ ረኺባ።
- ☐ ሚርያም ነቲ ዝርዝር ተሞክሮ ምስዳዱ ረሲዓ።

☒ ንምርያም ብዙሓት መወዳድርቲ ኣለዋ።

## ምጽሓፍ

ሰነድ መመልከቲ ብኢ-ሜይል ክትሰዱ ኣለኩም። ናይ ኢ-ሜይል መሰነዪ ጽሑፍ ጽሓፉ። ከመይ ጌርኩም ኢ-ሜይል ከም እትጽሕፉ፣ ክልተ ኣማራጺ ኣብዚ ኣሎ:

☐ ዝኸበርክን ወይዘሮ ኩህን

ብተሌፎን ምሳን ንምዝራብ ጊዜ ስለ ዝሀብክናኒ፣ የመስግነክን ኣለኹ። ነቲ ናይ መመልከቲ ሰነዳት ክሰደልክን ከለኹ ታሕጓስ እዩ ዝስምዓኒ።
ካባኽን መልሲ ንኽመጸኒ፣ ብተስፋ እጽበ ኣለኹ።
ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ
xxx

☐ ዝኸበርኩም ወይዛዝርትን መኳንንትን

ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከም ዘለኩም ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.berufsberatung.ch ረኺበ ከምኡ ድማ ነዚ ናይ መመልከቲ ሰነደይ ብታሕጓስ እሰደልኩም ኣለኹ። ምሳይ ብኣካል ምእንቲ ክትላለዩን ከምኡ ድማ ንቃለ መጠይቕ ንኽትዕድሙንን፣ ብታሕጓስ እጽበ ኣለኹ።
ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ
xxx

እቲ ላዕለዋይ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

## ማዕከን ቃላት

ነዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ጽምዲ ቃላት ርኣዩ።

ኣየኖት ቃላት ተመሳሳላይ ትርጉም ኣለወን? → a

ኣየኖት ቃላት ዝቃረን ትርጉም ኣለወን? → b

ኣየኖት ቃላት ዝተፈላለየ ትርጉም ኣለወን? → c

| | | |
|---|---|---|
| ☐ | ዕለታዊ | ልሙድ |
| ☐ | ሓቦ | ፍርሓት |
| ☐ | ዛሚር (ዑፍ) | ላርቸ (ገረብ) |
| ☐ | ቁም ነገር | መስሓቕ |
| ☐ | ድልዱል | ተዛራቢ |
| ☐ | ምቕልጣፍ | ምህዋኽ |

| | | |
|---|---|---|
| a | ዕለታዊ | ልሙድ |
| b | ሓቦ | ፍርሓት |
| c | ዛሚር (ዑፍ) | ላርቸ (ገረብ) |
| b | ቁም ነገር | መስሓቕ |
| c | ድልዱል | ተዛራቢ |
| a | ምቕልጣፍ | ምህዋኽ |

ምስ እቲ ኣብ ጸጋምይ ወገን ዘሎ ጽምዲ ቃላት ተዳራግነት ምእንቲ ክህልዎ፣ ኣብቲ የማናይ ወገን መስመር እንታይ ቃል ክኣቱ ኣለዎ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| እግሪ | ካልሲ | ክሳድ | ______________ |
| ባኒ | ሰንካቲ | ስጋ | ______________ |
| ሓሰር | ፈረስ | በንዚን | ______________ |
| ብሽክለታ | ቃጭል | መኪና ፖሊስ | ______________ |
| በናና | ፍሩታ | ካሮቲ | ______________ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| እግሪ | ካልሲ | ክሳድ | ሻርፓ |
| ባኒ | ሰንካቲ | ስጋ | ሓራዳይ |
| ሓሰር | ፈረስ | በንዚን | መኪና |
| ብሽክለታ | ቃጭል | መኪና ፖሊስ | ሲረና |
| በናና | ፍሩታ | ካሮቲ | ኣሕምልቲ |